# ብሎሚ ብጽባሕ

ኣብዛ ታሪኻዊት ርእሲ ከተማና፡ ግርምቲ፡
ንጸጋም ጥውይ ኢሉ ካብ ባር ንግስቲ፡
ሓደ ዓርኪ'ሎኒ  መማኽርቲ፡ ጉጅም መባህልቲ።

ግን መዓልቲ እንታየለዎ፡  ወርሒ'ውን ፈጢኑ፡
ጳጉሚን ተወዲኡስ ድሮ ዓመት ኮይኑ።

ሕጂውን ገጽ ዓርከይ ከይረኤኹ፡
ዓቕሚ ብሓሳብ ተኺኹ፡
ናብራ ውድድር ኮይኑ
እዋን ዕርብ ይብል ሓኒኑ።

ሽሕ'ኳ ከም ዝዝክሮ  ይርዳእ'ዩ እንተበልኩ፡
ግን ኣይ ከም ቀደምን፡
ምድዋል ተሪፉስ፡ ብሎሚ ብጽባሕ፡
ደብዳቤ ኣይሓንጠጥኩን፡ ሕልና ኣይቀሰነን።

መርሃው ውጡር ህይወት ስራሕ ኮይኑ መልሱ፡
ቋሪኑና። በብሽነኽና፡
እርጋን'ውን ኣርኪቡ፡ ደኺምና።

ኣብ ዓሻ ዓለማዊ ጸወታ ዓጢቕና፡
ንወለዶ ያኢ፡ ገለ ስም ተገደፍና፡
ሕውንነት ተወንዚፉስ፡ ኣብ ንዋት ኣድሂብና።

ጽባሕስ ግዲ ከይደወልኩሉ ኣይትዓርብን
ከዘክሮየ'ቲ ዝሓለፈ ምሕዝነትን ሓልዮትን" ካኣ'ብል
ወግሐጸብሐ።

ወይ ጉድ!
ሕጂውን፡ ከም ኣመላ፡
ዓመት ትሓልፍ ሰለይ ኢላ።

ካብ ሰምበል ንባር ንግስቲ፡
ኣይ ሓልሓለ ኣይ ሽከቲ፡
ቀረባ ከሎ ሰኣን ስጉምቲ፡
ርሒቑኒ!

ኣይውዕሎን ግዲ ፈጣሪ፡
እምበር እቲ ዘርዕደኒ፡
ሓደ መዓልቲ
ከይበጻሕኩዎ፡ ከይበጻሓኒ፡ ክብል፡
ካብ ዝፈራሕኩዎ ኣይወጻእኩን።
ቀዲሙኒ።

ብርሃነ ወልደገብሪኤል  **December 22, 2009**